# ፫ይ ሰንበት ዘትንሣኤ

**ሚያዝያ 26 2017 ዓ.ም (5/04/2025)**

**መዝሙር፡** ወበእኁድ ሰንበት…አብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰንበት ማርያም መግደላዊት ናብ መቓብር አንጊሃ ገና ጸልማት እንከሎ ከይዳ፥ እቲ እምኒ ካብ አፍ መቓብር ተፈንቂሉ ረኺባቶ፥ ናብ ስምዖን ጴጥሮስ ከምኡ ናብቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ በጽሐት፥ ንጎይታይ ካብ መቓብር ወሲዶሞ አበይ ከም ዝወሰድዎ አይፈልጥን፥ ክልቲኦም ብሓንሳብ እናጎየዩ ከለዉ፥ እቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ንጴጥሮስ ቀዲምዎ በጽሐ።

**ንባባት፡** ቈላ 3፡6-13፥ ራእ 5፡11-14፥ ግ.ሓ. 5፡27-41፥ ዮሓ 21፡1-19።
**ምስባክ፡** ንግሩ ለእግዚአብሔር ምሕረቶ፥ ወመንክሮሂ ለእጓለ እመ ሕያው፥ እስመ ሰበረ ኆኃተ ብርት፥ ምሕረት እግዚአብሔር ንገሩ፥ጥበቡ ኸአ ንደቂ ሰብ፥ መዓጹ ሓጺን ስለ ዝሰበረ፥ መዝ. 106።

አብ ወርኂ ጥቅምቲ 29 1942 ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቀዳማይ ሚኒስቴር ዝነበረ ዊንስቶን ቸርችል አብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ንእሽቶይ እንከሎ ዝመሃረሉ ዝነበረ ንዝምረቑ ዝነበሩ ዘረባ ከስምዕ ተዓዲሙ። አብቲ ጊዜ እቲ ውግእ ምስ ዓዲ ጀርመን ይቕጽል ነሩ። ጀርመናውያን አብ አፍደገ ዓዲ እንግሊዝ በጺሖም መዳፍዕ አብ ከተማታት ይወርድ ነሩ። አብዚ ጊዜ እዚ ቸርችል ዘስምዖ ዘረባ ሓደ ካብቲ ብሓቂ ዓቢ ዘረባ እዩ ነሩ። አብ ዘረብኡ ጨሪሽና አይንምብርከኽን አይንሕለልን ኢና፥ ጨሪሽና ኢድና አይንህብን ኢና ዓቢ ይኹን ንእሽቶይ ገፍሕ ይኹን ጸቢብ ጨሪሽና አይንምብርከኽን፥ አብ ክብርን ጽቡቕ ዋጋ ዘልኦ እንተ ዘይኮነ አይንምብርከኽን ኢና። ንሓይሊ አይትፍርሑ፥ በዚ ግዙፍ ሓይሊ ጸላኢ አይትርዓዱ እናበለ ንህዝቡ ጸኒዖም ተስፋ ከይቖረጹ ከም ዝዋግኡ ገርዎም። ነኺስካ ነቲ ሕጂ ጸልማት ኮይኑ ዝርአየካ፥ ዘይስገር ከቢድ ኮይኑ ዝርአየካ፥ ዝክእለካ ገርካ ዘይሰልጥ ኮይኑ ዝርአየካ ንኹሉ ተስፋ ከይቆረጽካ አማዕዲኻ ርኢኻ ጸኒዕካ ምቕጻል አብ ዓወት የብጽሓካ።

ቸርችል አብ ፪ይ ውግእ ዓለም ከም ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብርቱዕ ተዋጋኣይ፥ ካብ ዝበሎ ምንቕ ዘይብልን ጽኒዑ ዘጽንዕ ከም ሓደ አብነታዊ መራሒ ተራእዩ። ድሕሪ ውግእ ግን እቶም ተቋወምቱ ከም ሓደ ጸማም ዘይሰምዕ ናተይ ጥራሕ ዝብል ገሮም ስለ ዘቕረብዎ ፖሎቲካዊ ህቡብነቱ ጠፊኡ አብ ምርጫ ተሳዒሩ ብ1940 ካብ ስልጣኑ ወሪዱ። ፖሎቲካዊ ዓለም ከደይበካን ከውርደካን ጊዜ አይወስደሉን እዩ። ብዙሓት ጀጋኑ አብ ምምራሕ ፖሎቲካ ኮይኖም ዝርአዩ ዝነበሩ አብ መጨረሽታ ግን ከም ጸገም ዓደምቲ አዕነወቲ ኮይኖም ዝቕተሉ ገለስ አብ ቤት ማእሰርቲ ዝበልዩ አለዉ እዚ እዩ ዓለማዊ ስልጣን ክሕደት ጥልመት ተስፋ ቁርጸት ዝበዝሖ። አብ ክብሪ ዓለም ጥራሕ ዘድሃበ ስልጣን መወዳእታኡ ውርደትን መከራን እዩ።

አብ ሕይወትና ብዙሕ ጊዜ ተመሳሰላይ ኩነታት ገጢሙና ይኸውን እዩ። ገለ ሰባት እሙናት አብ ኩሉ ጊዜ ዘይልወጡ ፈተውትና ደገፍትና ኮይኖም ክሳብ መጨረሽታ ዘይክሕዱ ኮይኖም ክርአዩና ይክእል አብ ገለ እዋን ምሳና ጸኒሖም ስምና እና አካፍኡ ቀንዲ ጸላእትናን ክሰቕሉና ዘይከብዶም ኮይኖም ከም መለኽትን ንብዙሓት ዕንቅፋት ከምዝኾና ገሮም ክርእዩና ይኽእሉ እዮም። ሰባት ክጠልሙ ክኽሕዱ ጊዜ አይወስደልናን እዩ።

እዚ ዝበርትዐ ወቐሳ ዝኸውን ነፍስ ወከፍና ናይ ባዕልና ፈረድትን ወቐስትን ክንከውን እንከሎና እዩ። ንርእስና ከመይ ንርእያ ወይ ንፈርዳ። ብርግጽ አብ ዝበልካዮ ምጽናዕን ወሳኒ አብ ዓላማ

ምኽንያቱ ጹቡቕ ነገር እዩ። ኣብ ሓደ ውሱን ዓላማ ጸኒዕካ መኣዝንካ ከይቐየርካ ሓሳብካ ከይቐየርካ ምቕጻል ዝመስልዎ የለን። ብኣንጻሩ ኸኣ ናይ ካልእ ሓሳብ ምውሳድ ንኻልኦት ክትሰምዕ ፍቓደኛ ምኽንያቱ ከምኡ ኣድላዪ እንተ ዀነ ዓላማኻን መምርሒኻን ከይቀየርካ ዘተ ምግባር ዓቢ ፍረ ኣልኦ። እቲ ጸገም ዝመጽእ ንክልቲኡ ፈላሊኻ ዘይምርኣይ እዩ።

እዚ ካብ ንኻልኦት ክተሓጉስ ወይ ክትከስብ ኢልካ ኢድካ ምሃብ Giving up ፍሉይ እዩ። ኢድካ ምሃብ ምምራኽ ንሕመቕ ወይ ተስፋ ምቚራጽ እዩ። ኣብ ሕይወትና ንዝቐለለ መገዲ ክንወስድ ምእንቲ ኢድና ንህብ ዲና? ንተስፋ ቁርጸት ኢድና ንህብ ዲና? ተስፋ ክንቆርጽ ብዙሕ ጊዜ ከምፈተና ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ይመጽኣና እዩ፥ ኣብ ገለ እዋን ጽቡቕ ንገብረ ዘሎና መሲሉና ኢድና ንህብ ኢና። እቲ ምኽንያት ብዙሕ ክከውን ይኽእል እዩ።

ኢድካ ምሃብ ወይ ተስፋ ምቚራጽ ናይ ሰይጣን ግብሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሰይጣን ንኢየሱስ ኣብተን ሰለስተ ፈተናታት ኣብ በርኻ ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ምስ ገበረ ካብቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት ከታርፎ ኢሉ ኣብ ዝፈተነሉ ነዚ ኢድካ ምሃብ መገዲኻ ምቕያር ኮታስ ዓላማኻ ምቕያር ዝዀነ ፈተና ኣቕሪብሉ እዩ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ክመውት እንከሎ እታ ናይ መጨረሽታ ፈተና ካብቲ ምስ ኣብኡ ዘለዎ ርክብ ተስፋ ብምቚራጽ ከፈላልዮ ፈቲንዎ። ኢድካ ምሃብ መገድኻ ምቕያር ኣብ ገለ እዋናት ክሳብ ኣብ ጥፍኣት ነፍስና ዘብጽሕ ክኸውን ይክኣል እዩ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብቂዑ እዩ ኣይትዛረቡኒ እናበልና ተስፋ ቍርጸት ዝመልኡ ቃላት ነውጽእ። ንሰባት ካብ ልበይ ካብ ሕይወተይ ኣውጺኤዮም ንብል። እዚ ዅሉ ናይ ሓደ ክርስትያን ዝብሎ ኣይኮነን። ክርስትያን ዘይሕለል ተስፋ ዘይቆርጽ ኲናዖ ሞት ሕይወት ኣሎ ኲናዖ መስቀል ትንሣኤ ኣሎ ኢሉ ዝኣምን እዩ።

ካልእ ኢድካ ምሃብ ከአ ኣሎ፥ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽቡቕ ከይትገብር ኢድካ ምሃብ። ብዙሓት ወለዲ ኣብዚ እዋን ካብ ደቆም ኢዶም ዘልዕሉ ኣለዉ። ብዙሓት ሰብ ቃል ኪዳን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ክንዲ ንፍልልያቶም ኣብ መኣዲ ዘተን ምርድዳእን ከምኡ ኣብ ክመኽርዎም ዝኽእሉ ኣብ ክንዲ ምኻድን ካብ ኪዳኖም ሓላፍነቶም ኣውሪዶም ንኽፍኣት ንምፍልላይ ኢዶም ሂቦም ዝነብሩ ኣለዉ። ብዙሓት ስድራታትን ከምኡ ኣዕሩኽን ቤተ ክርስትያን ካብ ምኻድ ዘቓረጹ ኢዶም ዝሃቡ ኣለዉ ወይ እውን ሃይማኖት ዝሓደጉ ወይ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቶም ወላ እውን ንኣምላኽ ካብ ሕይወቶም ዘውጽኡ ኣለዉ።

እግዚኣብሔር ግን ጨሪሹ ወላ ወላ ኣይሓድገናን እዩ ካብ ምፍቃርና ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን። ወላ ንኾብልል ካብኡ ንርሓቕ ንኽሓዶ ካብ ምፍቃርና ደው ኣይብልን እዩ። እዚ እዩ ናይ ሎሚ ወንጌል ዘመሓላልፎ መልእክቲ። እግዚኣብሔር ወላ እውን እቲ ዝኸፍኣ ኃጢኣት ንግበር ካብ ምፍቃርና ካብ ምሳና ምኻን ኣይቅይርን እዩ።

ኣብዚ ዝተነበ ወንጌል ንገለ ካብ ሓዋርያቱ ብሓንሳብ እንከለዉ ድሕሪ ትንሣኤኡ ከም ዝተራእዮም ነንብብ። እቲ ኩነታት ኣብ ገምገም ባሕሪ እዩ ኮይኑ፥ እዚ ነቲ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ዘሎ ካብቲ እግዚኣብሔር ካብቲ ብማዕበል ዝናወጽ ባሕሪ ንኹሎም ፍጡራት ከም ዝፈጠረን ንኣና ኸኣ ካብ ጭቃ ከም ዝፈጠረ የዘኻኽረና። ማያት ቀይሕ ባሕሪ ማያት ሩባ ዮርዳኖስን ማያት ናይ ጥምቀትን ኩሎም ኣብዚ ቦታ እዚ ተመልኪቶም ክንርእዮ ይክኣል።

ኩሎም ሓዋርያት ኣብ ከምገም ባሕሪ ገሊላ ተኣኪቦም ነሮም። ኢየሱስ ተኣኪቦም እንከለዉ ኣብ ማእከሎም ይመጽእ እዚ ኸኣ ንኣና ከመይ ኢሉ ኣብ ዝዀነ እዋን ኣብ ማእከልና ኣብ ሕይወትና ከምዝመጽእ ዘመልክት እዩ። ኣብዚ ኣኸባ ሓዋርያት ምልክት መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ኩሉ እቲ ዝመጽእ ስርዓተ ኣምልኾ መስዋዕቲ ቅዳሴ ኣሎ።

ኣብዚ ርክብ እንከለዉ እዩ ኢየሱስ ንጴጥሮስ ነተን ውሩያት ሰለስተ ሕቶታት ዝሓተቶ። እዘን ሰለስተ ሕቶታት ነተን ኣብ ጊዜ ሕማማቱ ሰለስተ ጊዜ ዝኸሓዶ እየን ዝመሳሰላ። ኣብዚ እንዕዘቦ ኢየሱስ ካብ ጴጥሮስ ኢዱ ኣይሃበን፥ ወላ እውን እቲ ጉዕዞ ከቢድን ዓበይቲ ፍጻሜታት ዝተፈጸመ ይኹን ቀጻሊ ፍቕሪን ዘይሕለል ተወፋይነትን ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ጴጥሮእ ኣይቀየረን። ልዕሊ ኹሉ ኣብዚ ክንርእዮ ዘሎና ጴጥሮስ ንኢየሱስ ክሒድዎ እምበር ኣይነድኣን እዚ ማለት ከአ ጴጥሮስ ኣብ ልቡ ጌና እምነት ኣብ ኢየሱስ ነርዎ፥ ፍቕሪ ኢየሱስ ነርዎ ማለት እዩ።

ኣብዚ ክንሓስቦ እንኽእል ይሁዳ ተስፋ ቆሪጹ ዘይተሓንቀ እንተ ዝኸውን እሞ ኣብ ማእከል ሓዋርያት ተረኺቡ እንተ ዝኸውን እንታይ ምኾነ ነሩ። ኢየሱስ ምመሓሮዶ ነሩ? ብርግጽ ምመሓሮ ነሩ። ኢየሱስ ኣይኮነን ክሒዱዎ ወይ ተስፋ ቆሪጹ ዝሓደገ ይሁዳ ኢዩ ጠሊሙ በዚ ኸአ ካብ ኢየሱስን ካብ ርእሱን ኢዱ ሂቡ።

ቅዱስ መጽሓፍ ብምልኡ ካብ መጀመርያ ክሳብ መጨረሽታ እንተ ርኤና እግዚኣብሔር ብርእሱ ሓቂ ዝኾነ ንርእሱ ይህበና እሞ ሽዑ ካባና መልሲ ከምዝጽበ ይገልጸልና። እቲ ዘገርምን ብዝበለጸ ንሓቂ ዝገልጽን እግዚኣብሔር ንገዛ ርእሱ የወፍየልና እዚ ኸአ ኩሉ ጊዜ ከይተሓለለ ዝገብሮ እዩ። ፍቕሩ መወዳእታ የብሉን ምሕረቱ ኩሉ ጊዜ እዩ ዝህብ። ፍቕሩን ሓልዮቱን ኣብ ልዕልና ዝገበርናዮ ኃጢኣት ብዘየገድስ ንዘለዓለም እዩ። እግዚኣብሔር ካባና ጨሪሹ ኢዱ ኣይህብን እዩ። እቲ giving up እቲ ንኣምላኽ ሓዲግካ መገድኻ ምቕያር ካልእ ጓል መገዲ ሒዝካ ካብ ኣምላኽ ምርሓቕ ብወገና እዩ።

*መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ* ክብሃል ብዙሕ ጊዜ ሰሚዕና ኢና። መማህራን ትምህርተ መለኮት ብዛዕባ እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ወይ ዘይሕለል ፍቕሪ ይነግሩና እዮም። እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ብፍቕሪ ኣብ ደቅና፥ ብዓል/ቲ ኪዳና፥ ስድራና ክነርእዮ እንደሊ እዩ። ኣብ ሕይወትና ኣብ ግብሪ እንተ ረኣናዮ ብዙሓት ካባና ነዚ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ ዝብል ሓዲግናዮ ንሰባት ከፍቅረካ እንተ. . . እንተ ነእትወሉ። ኩሉና ንፍቕሪ ዝተፈላለየ ነናትና እንተ ነእትወሉ። ብሓቂ ክንዛረብ እንተ ኾና ንብዙሓት ካባና እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ ዝብል ዘይክእል ብሓሳብ ብዘረባ ጥራሕ ዝክእል ገርና እንርድኦ ኣሎና።

በዚ ምኽንያት ኢና ምሕረት ኣምላኽ ክንሓትት ዘሎና። ንሰውነትና ክነድሕን ኢልና ዘይኮነ ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ኣቲና ሓይሊ ረኺብና ንኻልኦት ምሒርና ክንክእል ከምቲ ንሱ ዝመሓረና ምሒርና ክንክእል እሞ ሽዑ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ተስፋ ከይቆረጽና ኢድና ከይሃብና ጽቡቕ ክንገብር ኢና። ብዘይ ናይ ኣምላኽ ጸጋ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ ክተዘውትር ዳርጋ ዘይክእል እዩ። ብናይ ኣምላኽ ፍቕርን ሓይልን ኩሉ ነገር ይክእል እዩ ወላ ንኻልኦት ብዘይ ቅድመ ኩንት ምፍቃር ይክእል እዩ።

ኣብ መጨረሽታ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከም ጴጥሮስ ዝገበሮ ደው ክንብል ይግብኣና። ኣብ እግሩ ወዲቕና፥ ክንምሓርን ክንምሕርን ጸግኡን ሓይሉን ክህበና፥ ነቲ ንጴጥሮስ ኣብ ገምገም ባሕሪ ገሊላ ዝሃቦ ምሕረት ንኣና ኸአ ክህበና ንለምኖ።

ሎሚ ኣምላኽ ንነፍስወከፍና ተፍቅረኒ ዲኻ/ኺ እናበለ ይሓተና ኣሎ። ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎና ፍቕሪ እዩ ዝውስኖ እሞ ከመሎና ምስ ሰባት። ኣብ ልብና ቂምታ ጽልኢ ሒዝና እንተ ኣሎና ጌና ፍቕሪ ኣምላኽ ኣባና የለን ጌና ክርስቶስ ንኣና ኣይተንሥኤን ኣሎ ስለዚ ብልብና ኣብ ቅድሚኡ ተደፊእና ኣፍቅረካ እየ ንኸማይ ዝበሉ ከፍቅር ጸጋኻ ሃበኒ ንበሎ።

ኣምላኽ ነዚ የኽእለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ